**ድሕሪ ጭምብል ፍልስፍና ሰብኣዉነት ተመልከቱ እሞ፣ ምልክታት እግዚኣብሄር ኣይክትረኽቡን ኢኹም**

**ቀዳም፣ ሓምለ 27, 2013 ሰዓት 19፣22**

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ እቲ ብሰንኪ ምብዛሕ ከሓድቲ ህላወ እግዚኣብሄር ንዝመጽእ ጉድኣት ነፍሲታት ኣንፈቱ ንምቕያር እቶም ፍቱዋት ሰዓብተይ ኣበርቲዖም ክጽልዩ ድልየተይ ኢዩ። ክሕደተ-እግዚኣብሄር ኩልግዜ ኣይኮነን ባዕሉ ኣለኹ ዝብል። ዝበዝሕ ግዜ፣ እቶም ንዝኾነ ይኹን ምኽንያት ንእግዚኣብሄር ምእማን ክሓድጉዎ ዝወሰኑ ሰባት መተካእታ ይፈጥሩ።

ብሰንኪ ስርሓቱ፣ ወዲ ሰብ ኩል ግዜ ንህላዌኡ ምኽኑይ ንምግባር ሓደ ዕላማ ክደሊ ኣለዎ። እቲ መርገም ፍልስፍና ሰብኣውነት'ሲ ንሰብ ብዓይኒ ሰብ ክብ ምባሉ ኢዩ። ከም'ቲ ሰዓቢ ፍልስፍና ሰብኣዊነት ዝብሎ፣ ድሌታት ሰብ ምምላእ ከም ቀዳምነት መታን ክስራዕ ኩሉ ነገር ክግበር ኣለዎ። ብዙሓት ሰባት ንሰብኣዊነት ምስ ክርስትና የደናግርዎ ኢዮም። ሓደ ሰብ፣ መታን ስቓይን ድኽነትን ክውገዱ፣ ዓለማዊ ነገራት ኣብ ሂወታት ሰብ ኣገደስቲ ምዃኖም ክገልጽ እንከሎ፣ እዚ ብቐሊሉ ከም'ቲ ንጎረቤትካ እትርእዮ ዓይነት ፍቕሪ ኮይኑ ክርኤ ይኽእል ኢዩ።

ድኽነት፣ ሽቕለት-ኣልቦነትን ካልኦት ሕሰማት ደው ከብል እደሊ ኢየ ኢልካ ክትዛረብ እንከለኻ፣ ብዙሓት ብስም እግዚኣብሄር ትዛረብ ኣለኻ ኢሎም ክሓስቡ ኢዮም። ድሕሪ ጭምብል ፍልስፍና ሰብኣዉነት ተመልከቱ እሞ፣ ምልክታት እግዚኣብሄር ኣይክትረኽቡን ኢኹም፣ ስሙ ክጥቀስ እውን ኣይክትሰምዑን ኢኹም። እቶም ንሂወቶም ከም ሰብኣዊያን ዝመርሑ ሰባት ንእግዚኣብሄር ኣየፍቅሩን ኢዮም። ንነብሶም ጥራይ ኢዮም ዘፍቅሩ። ከምኡ'ውን እቲ ካብ ኩሉ ዘገድስ ናይ ደቅ ሰብ ጥዕና፣ሓጎስን ሃብቲን - እዚኦም ድማ ብመልክዕ ዓለማዊያን ነገራት - ኢዮም ኢሎም ዝኣምኑ፣ እዚ ከም ሓደ መንገዲ ናብ'ቲ መፈጸምታ ማለት'ዩ።

ሊጋስ ምዃን ከም ንድሌታት ሰብ ግዱስ ምዃንካ መሲሉ ዝርኤ እኳ እንተኾነ፣ ንድሌታት ሰብ ቀዳምነት ብምስራዕ ንእግዚኣብሄር ክትትክኦ ፈጺምካ ዝካኣል ኣይኮነን። ከምኡ ኣብ እትገብሩሉ፣ ንእግዚኣብሄር ትጸርፉ ኣለኹም። ፍልስፍና ሰብኣዊነት፣ ኩሉ ደጌኣዊ ትርኢት ፍቕሪ እግዚኣብሄር ይሃልዎ እምበር፣ ከም'ቲ ትርኢቱ ኣይኮነን። ብድሕሪ'ቲ ጭምብል ፍቕሪ፣ ፍቕሪ-ነብሲ ተሓቢኡ ኣሎ። ሰብ ክመውት ኢዩ፣ ኣካሉ ድማ ናብ ሓመድ ክልወጥ ኢዩ፣ መንፈሱ ግን ምንባር ክትቕጽል ኢያ፣ ኮይኑ ግን፣ ፍልስፍና ሰብኣዊነት'ሲ ሰብ ኢ-መዋቲ ኢዩ ኢሎም ከእምኑኹም ኢዮም።

ንሰብኣዊነት ክትቅበሉ ከለኹም ተጠንቀቑ ኢኹም፣ ምኽንያቱ ምስተቐበልኩሞ፣ ነብስኹም ካባይ ከተርሕቑዋ ኢኹም።

ናትኩም የሱስ

**እቶም ነቲ ኣራዊትን ናይ ሓሶት ነብዩን ብሃሰሰ-ለባም ዝሰዕቡዎ ካልኦት ንጹሃት ሰባት፣ ብኣረሜናዊ መቑሕ ክእሰሩ ኢዮም**

**ሰንበት፣ ሓምለ 28, 2013 ሰዓት 21፣40**

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ንቃለይ ፈጺምኪ ኣይትጠራጠርዮ። ብሓቂ ትኣምንኒ እንተኼንኪ፣ ካባኺ ዝደልዮ ክትገብርዮ ኣለኪ፣ መታን ኣብ'ዚ እዋን ንዓለም ከንቅሓን ነቲ ሓድሽ ጅማረ ከዳልዎምን።

ንቤተ ክርስቲያነይ ካብ ዘጋጥማ ዘሎ እቲ ዝበዝሐ ኣቐዲሙ ተነጊሩ ኢዩ፣ እንተኾነ ኣቦይ ነዞም ጽያፋት ብምኽንያት ከምዝፈቐዶም ክትቅበልዮ ኣለኪ። እዚ ናይ መወዳእታ ፍጻመ ግዝኣት ሰይጣን ኢዩ። ንሓደ ኣራዊት ብስሙ የዕቢዩ ኢዩ፣ እዚ ጸረ-ክርስቶስ ድማ ናይ ሰይጣን ናይ ባዕሉ መንፈስ ኢዩ። ንሱን ሰዓብቱን ኣብ'ቲ ንነፍሲታት ዝግበር ዓብዪ ግጥም ዉሑድ ግዜ ኢዩ ተዋሂቡዎም።

ሕነ ሰይጣን፣ ቅድሚ ተመቒሑ ናብ ማዕሙቕ ምድርባዩ ክሳብ ዝካኣሎ ብዙሓት ነፍሲታት ምስራቕ ኢዩ። እቶም ነቲ ከይሲ ዘምልኹ ጭፍራታቱ መምርሒታቱ ዝቕበሉሉ ምኽንያት እቲ ነቲ ዲያብሎሳዊ ውጥኑ ኣብ ምትግባር እንተሓጊዞሞ ንዓኹም ክዋሃብ ኢዩ ስለዝበሎም ስልጣን ኢሎም ኢዮም። ኣየ ክሳብ ክንደይ እዞም መሳኪን ነፍሳት ንዘንትእለት ከምዝሳቐዩን፣ እቲ ዘስካሕክሕ ሓቂ ዕጭኦም ምስነጸረ ንምሕረተይ ከምዝጭድሩን።

እቶም ነቲ ኣራዊትን ናይ ሓሶት ነብዩን ብሃሰሰ-ለባም ዝሰዕቡዎ ካልኦት ንጹሃት ሰባት፣ ከምልጡሉ ሓይሊ ብዘይረኽቡሉ ኣረሜናዊ መቑሕ ክእሰሩ ኢዮም። ሓገዝኩም ከምሕሱም የድልዮም ኣሎ። ነፍሲታቶም ተፈቲሖም ናባይ ክምለሱ ኣበርቲዕኩም ክትጽልዩ ኣለኩም። ነቲ ደጌኣዊ ዓለም፣ ብዙሕ ከጠንቅቖም ዝኽእል ብዙሕ ዝርእዩዎ ነገር የብሎምን፣ ኣብ'ቲ ፈለማ። ውግኣት ማእከላይ ምብራቕን ድሒሩ ዝመጽእ ሰላምን ብናእዳ ክቕበሉዎ ኢዮም።

እቲ ሰብኣይ ሰላም እቲ ሰብኣዊ ስርሓቱ ተፈላጥነት ረኺቡ፣ ብዙሓት ሽልማታት ክቕበል ኢዩ። እቲ ሓሳዊ ነቢይ ንናይ ዓለም ኣብያተ ክርስቲያናት ከሕብረን ክርኤ ኢዩ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣጋጣሚታት ድማ ናይ ብጹእ ሰብ ባህሪያት ክርኢ ኢዩ።

ክሳብ እዞም ክልተ ተገምጢሎም ነቲ ንዓለም ክቆጻጸሩዋ ዘለዎም ውጥን ዝቃወሙዎ ኩሎም ብሕነ ዝወቕዑዎም፣ ኩሉ ሰናይ ክኸውን ኢዩ። ክሳብ ደልሃመት ንምድሪ ዝሸፍና ድማ ነታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ከም መሕብኢ እቲ ኣራዊት ክኣልሙዋ ኢዮም።

ኩሉ ሽብር ክስምዖ ኢዩ። ኩሉኹም እቲ እከይ ከም ሰይጣን፣ ብመንገዲ እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ንኹሉ ከም ዝቆጻጸሮ ክስማዓኩም ኢዩ።

ምሕረተይ ኣዝዩ ዓብዪ ካብ ምኺኑ ዝተላዕለ፣ ነቶም ዝጸልመቱ ነፍሲታት ከይተረረፈ ከንቅሖም ኢየ’ሞ፣ ልቦም ብዕረፍቲ ተመሊኡ ናባይ ክመጽኡ ኢዮም። ኣብ’ቲ መድረኽ’ቲ ኩሉ ምጥርጣሮም ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ካብ ነፍሲታቶም ተደፊኡ ክወጽእ ኢዩ። ሽዑ ድሕሬኡ፣ ደቂ እግዚኣብሄር ነቲ ሓቂ ከም ዝፈልጡዎ፣ እቲ ናይ መወዳእታ መለኸት ከተድምጽ ኢያ፣ ምድሪ ድማ ክትሕደስ ኢያ። ኩሉ እኩይ ዘበለ ክጠፍእ ኢዩ። ጸሓይ ንኹሉኹም ብዓብዪ ብርሃን ክትመልኣኩም ኢያ፣ እታ ሓዳስ ገነት ከም’ቲ ሓሲብኩ’ሞ ዘይትፈልጡ ዓይነት ህያብ ንነፍሲ ወከፍኩም ብዓብዪ ፍቕሪ ክትዋሃበኩም ኢያ።

ኩሉ ክትገብርዎ ዘድልየኩም ነገር በቲ ኣነ ዝገልጾ ሓቂ ምእማን ጥራይ ኢዩ፣ መታን ነቶም ነፍሲታትኩም ንኽሰርቁ ዝተዋደዱ መፈንጠራታት ክትሰግሩዎም። እቶም ክትርእዩ እትኽእሉ፣ እቶም ብኣይ እትእመኑ፣ እቶም ናባይ እትጽውዑ፣ ነቶም ነቲ ሓቂ ክርእዩዎ ዝኽእሉ ኮይኑ ግን ክርእይዎ ዘይደልዩ ነፍሲታት ኣብ ምድሓኖም ክትሕግዙኒ ኢኹም።

ናትኩም የሱስ

**ሕላገት እቲ ኣራዊት ሞት ሒዙ ከመጽእ ኢዩ - ሞት ነፍሲን ሞት ብሕሱም ሕማምን**

**ሶኒ፣ ሓምለ 29, 2013 ሰዓት 11፣23**

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ስመይ ብልሳን እቶም ንውክለካ ኢና ዝብሉን ኣንጻር እግዚኣብሄር ርኹስ ቃላት ዝዛረቡን ዳርጋ ኣይጽዋዕን ኢዩ። **ናይ መስቀል ሞተይ ክንጸግን ኣይክዝረበሉን ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ መስቀል ዘሎ ኣካለይ ብምስሊ ኣጋንንቲ ክትካእ ኢዩ። ንዓይ እንተዘይኮይናም ኣብ መስቀል ዝቐተሉኒ፣ መን ደኣ'ዮም ቀቲሎም?** መን'ዮም ንሳቶም፣ ቃለይ ንዓለም ዝእውጁ፣ እንተኾነ ካብ ኣፎም ዝፈስስ ብዙሕ ጽያፋት ዝዛረቡ?

እቶም ጻዕዳ ቀሚሽ ዝኽደኑ ሰብኡት ንፍጽሞ እና ብዛዕባ ዝብልዎ ተኣምራት ተጠንቀቑ፣ ከም'ዛ ካብ ስጋይ ዝተሰርሑን ብመንፈሰይ ዝተባረኹን። **ዘደንቖን ተኣምራት ዝመስሉ ፍጻመታት ክትርእዩ እንክለኹም፣ ናይ ብሓቂ ከምዘይኮኑ ፍለጡ።**

ተኣምራት ብኢድ እቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ከምዝተፈጥሩ ክንገረኩም ኢዩ። ሽዑ ዓብዪ ክቢ ከተርኢዩ ክጽበዩኹም ኢዮም፣ ኣብ ፈለማ ድማ ህያው ጻድቕ ምዃኑ ክንገረኩም ኢዩ። ክምለኽ ኢዩ፣ ክፍቀር ኢዩ፣ ክድነቕ ኢዩ፣ ኩሎም ድማ ብእግዚኣብሄር ዝተሓርየ ኢዩ ክብሉ ኢዮም። ድሕሪ ግዜ ድማ እዚኦም ተኣምራት ዝፍጸሙ ዘለዉ ኣመትቲ ዳግማይ ምጽኣተይ ኢዩ ኢሎም ክኣምኑ ኢዮም።

ብድሕሬኡ፣ እቲ ኣራዊት ክቕልቀል ኢዩ። ነቲ ቀዳማይ ድማ ከኽብሮ ኢዩ። ሽዑ ዓለም ኣብ ክቱር ምድንጋር ክትኣቱ ኢያ። ኣብ መፈንጠራ ክኣትዉ ኢዮም። ብሓደ መዳይ፣ **እቲ ሓሳዊ መሲሕ ኣብ ዓለም ንዘለዋ ሃይማኖታት ክቆጻጸረን ኢዩ፣** ከምኡ'ውን ንፍቕሪ እቶም ነቲ ሓቂ ዝፈልጥዎ ከሃድን ኢዩ። እቶም ነቲ ሓቂ ዝፈልጡዎ፣ ንዓይ ኣይክነጽጉንን ኢዮም፣ መንግስቲ እግዚኣብሄር ናቶም ኢያ'ሞ። **እቲ ጸረ-ክርስቶስ ነቲ ሓሳዊ መሲሕ ዓብዪ ክብሪ ክርኢ ኢዩ። እንተኾነ፣ ተርኡ ፖለቲካዊ ስለዝኾነ፣ እቲ ምትሕግጋዞም ነዚ ኪዳኖም ንዝድግፉ ብዙሓት ህዝብታት ክሕብር ኢዩ።**

እዞም ፍጻመታት ኣብ ቀረባ ግዜ ሰባት ክርድኡዎም ክጅምሩ ኢዮም። እቶም ናብ ናይ እግዚኣብሄር ዘይኮነ ናይ ሓሶት እምነት ምስኦም ክወስዱኹም ዝፍትኑ ኣዝዮም መእመናት ክኾኑ ኢዮም። ነዚ ግጥም ይስዕሩ ከምዘለዉ ክሳብ ዘይኣመኑ ድማ እቲ ሓቀኛ ሓሳባቶም ፈጺሞም ኣይክገልጹን ኢዮም። እንተኾነ ሽዑ፣ ንብዙሓት ነቲ ሕላገት ናይ'ቲ ኣራዊት ዘይቅበሉ ክድምስሱ ኢዮም። እቲ ሕላገት፣ ምልክት ሓቀኛ ሰላም ዓለም፣ ፍቕሪን ሓድነትን ኢዩ ክብሉ ኢዮም፣ እንተኾነ ኣብ'ቲ ውሽጢ እቲ ነውራም ሕመረቱ እቲ 666 ዝብሉ ቃላት ተሓቢኦም ኣለዉ፣ እቲ ምልክት ናይ'ቲ ኣራዊት።

ልክዕ ከም’ቲ ቅዱሳት ሜዳልያታት ካብ ሰማያት ብዝመጽእ ሓይሊ እግዚኣብሄር ዘለዎ ዑቕባ ዝህቡ፣ ሕላገት እቲ ኣራዊት ሞት ሒዙ ክመጽእ ኢዩ - ሞት ነፍሲን ሞት ብሕሱም ሕማምን። እቶም ዝነጽጉዎ ክሕብኡን ክዳለዉን ኣለዎም። እዚ ዘፍርሕ ምኳኑ እፈልጥ ኢየ፣ እንተኾነ ሓቂ ኢዩ። ብሓገዝ ጸሎትኩም ነቲ ምስጓግ ደው ከብሎ ጣልቃ ክኣቱ ኢየ።

**ንስኻትኩም፣ ፍቑራት ሰዓብተይ፣ ነቲ ሓቂ እትፈልጡ፣ ነቶም ምስ’ዚ ድርኢት’ዚ ዝቃለሱ መታን ክትሕግዙ ሕጂ ትዳለዉ ኣለኹም። እዚ ኣብ ዝፍጸመሉ ግዜ፣ እቲ ኣብ ዓለም ተሪፉ ዘሎ ሰራዊተይ፣ ክናዓቕ ዘይብሉ ሓይሊ ክኸዉን ኢዩ።**
ብርትዔኦም በዚ ዲያብሎሳዊ ተግባር ሕነ ምፍዳይ ኣብ ልዕሊ ደቂ እግዚኣብሄር ዝሳቐዩ ከድሕኑ ምኽኣሎም ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- ነቶም ልሙዳት ናይ ቀደም መስቀላት ሓዝዎም፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ክጠፍኡ ኢዮም’ሞ**

ሰኑይ፣ ሓምለ 29, 2013 ሰዓት 19፣05

ደቀየ፣ ኩልግዜ ዘክሩ፣ ብሓይሊ እግዚኣብሄርን ብጸጋ ወደይን፣ ነቲ ኣራዊት ክጭፍልቖ ኢየ፣ ከምኡ’ውን ኩሉ ተስፋ ዘይብሉ ኣብ ዝመስለሉ ግዜ፣ ዘመነ-መግዛእቲ ናይ’ቲ እከይ ብሃንደበት ከብቅዕ ኢዩ።

ጉልባብ ዑቕባይ ነቶም ኣብ’ዞም ኣሸገርቲ ግዜያት ንሓገዘይ ዝጽውዑ ኩሎም ኢዩ ዝሸፍን። ዘክሩ፣ ልክዕ ወደይ ኣብ ዓሰርተው ክልተ ዓመቱ ምስጠፍኣኒ፣ ኣብ ቤተ መቕደስ ረኺበዮ። ጸልዩ፣ ‘ዞም ደቀይ፣ ኣብ’ዚ ንነፍሳት ዝግበር ሕሱም መንፈሳዊ ግጥም ጽንዓት ክህልወኩም ንክትሓቱ ዘድልየኩም መስዋእቲ ንኽትህቡ ናብ ኣብያተ ክርስቲያንኩም ድማ ኪዱ፣ ሕጂ።

ወደይ ኣብ መስቀል ብምሟቱ ብዙሕ ተሳቒዩ ኢዩ፣ እንተኾነ እዚ ሓደ ጾር ጥራይ ኢዩ። ሎሚ ዝጻወሮ ኣዝዩ ዘሳቕዮ ነገር እንተሃለወ፣ ስለቶም ድሮ ዝጠፍኡዎ ኢዩ። ሕጂ ድማ፣ እቲ መንፈስ ክፍኣት ነቶም ዘፍቅርዎ ካብኡ ከርሕቖም ክጽዕር እንከሎ፣ እቲ ቃንዛኡ ከም ሴፍ በሲዑ ኣብ ክልተ ይጨዶ።

ምስጓግ ደቂ እግዚኣብሄር እንዳወሰኸ ክኸይድ እንከሎ፣ እቶም ግዳይ ዝኾኑ ነፍሳት እቲ ዝዓበየ ቃንዛ ክሳቐዩዎ ኢዩ። ብመስቀል ወደይ ድሒንኩም። ብመስቀሉ ድማ ንኽፍኣት ክትቃለሱ ኢኹም፣ መስቀሉ ድማ፣ ምስዝባረኽ ክሕልወኩም ኢዩ። እንተኾነ፣ እዚ መስቀል እንተተቐዪሩ ወይ ድማ ዝተፈልየ እንተመሲሉ፣ እዚ በቲ ንሓጥኣን ንምድሓን ወደይ ዝሞቶ ምልጋጽ ኢዩ። ነቶም ልሙዳት ናይ ቀደም መስቀላት ሓዝዎም፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ክጠፍኡ ኢዮም’ሞ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ነቲ ኣነ ዝተሰቐልኩሉ ዘይመስል መስቀል ኣይትቀበሉ**

**ሰሉስ፣ ሓምለ 30, 2013 ሰዓት 20፣06**

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኣብ'ዚ እዋን ከቢድ ጓሂ ደሃይ እቶም ዘፍቅሩኒን ዘጸናንዑኒን ከመይ ምቁራት ኢዮም። ንስኻትኩም፣ እቶም ፈጺምኩም ዘይትሓድጉኒ ፍቑራት ሰዓብተይ፣ ከም መዓር ምቁራት ኣብ ኣፈይ፣ ነብሰይ እትእብዱን መንፈሰይ ሓፍ እተብሉን ኢኹም።

ብዙሓት ነቲ ሓሶት ክስዕቡዎ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ደው ኢሎምን ብእምቢታን ንቃል እግዚኣብሄር ክምክቱሉ ስለፈርሑ። ኣብ ፈለማ፣ በቶም ሓደስቲ ልምድታት፣ ሓደስቲ ምልክታት፣ ሓደስቲ ኣልባሳት፣ ሓደስቲ ቅርጺታት መንበረ-ታቦታትን መስቀላትን ክደናገሩ ኢዮም። ድሕሬኡ፣ ነዞም ሓደስቲ ነገራት ከም ምልክታት ናይ'ዚ ግዜ ክቕበሉዎም ኢዮም። እዚ ሓድሽ፣ ዘመናዊን፣ ሕብረታዊ ተባሂሉ ዝጽዋዕ መንገዲ ኣምልኾ እግዚኣብሄር፣ እዞም መሳኪን ነፍሳት ብታሕጓስ ክቕበሉዎ ኢዮም። እቶም ናተይ ዝኾኑ ግን ንኹልግዜ ንቃለይ ሓቀኛታት ኮይኖም ክጸንሑ ኢዮም። ንሳቶም እቶም ዓንዲ-ሕቕ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ኮይኖም ፈጺሞም ኣይክስበሩን ኢዮም።

ትምኒተይ'ሲ ንስኻትኩም እቶም እሙናት ክርስቲያናት - ካብ ኩሎም ኣብያተ ክርስቲያናት - ብሓባር ተኣኪብኩም ነቶም ካብ ገሃነም ተፈቲሖም ኣብ ሞንጎኹም ዝመላለሱ ዘለዉ ኣጋንንቲ ክትቃለሱዎም ኢዩ። ንዓይ ብምፍቃርኩም ይቕሬታ ኣይትሕተቱ። ነቲ ኣነ ዝተሰቐልኩሉ ዘይመስል መስቀል ኣይትቀበሉ። ኣነ እንተዘየለኹ፣ ወይ እንተዘይተሰምየ፣ ሽዑ ብጸላእተይ ዝተኣልመ ኣብ'ዘን ውሽጢ ኣብያተ ክርስቲያናት ወረራ ከምዘስፋሕፍሕ ክትፈልጡ ኢኹም። ንሰይጣናዊ ወግዕታቶምን ምልክታቶምን እንተተቐቢልኩም፣ ነብስኹም ንኽፍኣት ከተቃልዑዋ ኢኹም።

ንዓይ ሓቀኛታት ኴንኩም ጽንሑ። መዓልታዊ ጸሎታትኩም ፈኮስቲ ግበርዎም። ማይ ጸበልን መስቀለይን ኣብ ገዛኹም ኣቕምጡ። ንሓድሕድኩም ተሓላለዉ። ነቶም ኣዝዮም እሙናተይ ዝኾኑን ክኽሕዱኒ ዝኣብዩን ቅዱሳት ኣገልገልተይ ተኣዘዙዎም። ሽዑ እቲ ዝተረፈ ግዜኹም ስለ'ቶም ከሓድቲ ህላወ እግዚኣብሄር፣ ስለ'ቶም ብኣረሜን ኣማልኽቲ ዝኣምኑን፣ ስለ'ቶም ብሃሰሰ-ለባም ንጸላእቲ ቤተ ክርስቲያነይ ናብ'ቲ በዱ ዝስዕቡዎም ነፍሳት ጸልዩ።

ብጥቡቕ ሕብረት ምሳይ ጽንሑ፣ ከምኡ'ውን መታን ሓይሊ ክህበኩም መዓልታዊ ናባይ ጸውዑ። ኣብ'ዘን ኣብ ቅድሜኹም ዘለዋ መረርቲ ናይ ፈተና እዋናት ኣብ ጎንኹም ክኸዉን ኢየ፣ ነቶም ንዓይ ዝናድዩ ድማ ፈጺመ ኣይክሓድጎም ኢየ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፦ ከም'ቲ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ንነፍሳት ከሕብሮ ዝኽእል፣ ከምኡ ድማ ዓብዪ ምፍንጫል ከምጽእ ይኽእል ኢዩ**

ረቡዕ፣ ሓምለ 31, 2013 ሰዓት 18፣31

'ዛ ጓለይ፣ ንወደይ የሱስ ክርስቶስ ከተፍቅሪ እንከለኺ፣ ነቶም ንዕኡ ብሓቂ ዘፍቅሩዎ ኩሎም ናብ ሓድሕዶም ከቀራርቦም ኢዩ። እቶም ንወደይ ዘፍቅሩ ንኻልኦት ምፍቃር ኣሸጋሪ ኮይኑ ክረኽቡዎ እንከለዉ፣ ልቦም መታን ክኽፍተሎም ናባይ ናብ ኪዳነ ምሕረት ክጽውዑ ኣለዎም።

ፍቕሪ ወደይ ኣዝዩ ሓያል ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሓደ ኩርናዕ ናብ ካልእ ኩርናዕ ዓለም ኣብ ሓጺር ግዜ ከበጽሕ ይኽእል። ቅዱስ ቃል ወደይ ብመንገዲ እዚ ተልእኾ ንኹሎም ደቂ ኣምላኽ ከዋሃብ እንከሎ፣ ንልቢ እቶም እቲ መድሓኒ ከዛረብ እንከሎ ዘለልዩ ትሑታት ነፍሲታት ከቕድድ ኢዩ። **ኣብ ታሪኽ ወድሰብ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝዋሃበኩም ዘሎ ካብ ቃሉ ዝምንጩ ፍቕሪ፣ ሚልዮናት ነፍሲታት ከም'ዛ ሙሉእ ሂወትኩም ትፋለጡ ብቕጽበት ከሕብረኩም ኢዩ። ኣዝዩ ሓያል ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፣ ብመንገዲ ሓይሊ ልሳናት፣ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፣ ብኹሉ ቋንቋታት ብፍጥነት ክባጻሕ ይኽእል። በዚ ምኽንያት እዩ ድማ ክሳብ ክንደይ እዞም ቃላት፣ ብመንገዲ እዞም መልእኽታት፣ ካብ ወደይ ከም ዝመጹ እትፈልጡ።**

ልክዕ ከም'ቲ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ንነፍሳት ከሕብሮ ዝኽእል፣ ከምኡ ድማ ዓብዪ ምፍንጫል ከምጽእ ይኽእል ኢዩ። እቲ ቃል ኣምላኽ ነፍሲታት ክውሕጥ እንከሎ፣ ጽልኢ ብዝኸፍኤ መልክዑ ክስዕብ ኢዩ። እዞም መልእኽታት ከምዚ ዓይነት ጽልኢን ሕሱም ተግባራትን ካብ ሰሓቡ፣ እሞ ኸኣ ካብቶም ሓቀኛ ደቀመዝሙር ወደይ ኢና ዝብሉ፣ እምበኣርከስ ሽዑ እቲ እከይ ነዚ ይገብር ምህላዉ ፍለጡ። ኣቱም መሳኪን ነፍሲታተይ፣ ኣቱም መሳኪን ዝተደናገርኩም ደቀይ፣ ብዛዕባ ቃላት ወደይ ርግጸኛ ኣብዘይትኾኑሉ ግዜ ፈጺምኩም ሕቖኹም ክትህቡ የብልኩምን። ኣእምሮኹም ከፊትኩም ነቲ ዝመሃረኩም ሓቀኛታት ኴንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም። ብስሙ ንዝኾነ ሰብ ኣይትፍረዱ። ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ። እግዚኣብሄር ናይ መወዳእታ ነቢዩ ከምዝላኣኸ ዘይትኣምኑ እንተ'ኼንኩም፣ ጸገም የለን። እንተኾነ ግዳ፣ ግዴታኹም ዘክሩ - ንወደይ ዘለኩም ግቡእ ብምትግባር፣ ንኣስተምህሮኡ ኣጥቢቕኩም ብምኽታል።

**ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ ንዓለም ዘይሃባ ዝኾነ ሓድሽ ሰረተ-እምነት ክባርኽ ኢዩ ኢልኩም ፈጺምኩም ከይትቕበሉ። ንናይ መስቀል ሞቱ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ኣብ ዓለም ኣብ ዘለዋ መንበረ-ቁርባናት ዝትክእ ተግባር ፈጺሙ ሸለል ኣይብሎን ኢዩ።**

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

## ሕግታት ቤተ ክርስቲያነይ ንኸለዝቡ ሪፈረንደም (ድምጺ ህዝቢ) ክግበር ንሰዓብተይ ከእምንዎም ኢዮም

ረቡዕ፣ ሓምለ 31, 2013 ሰዓት 18፣56

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ እቲ ዲያብሎስ ከመይ ከም ዝዓዪ ኩልግዜ ዘክሪ። ንብሱ ከየቃልዕ ኣዝዩ ጥንቑቕ ኢዩ። ስለ'ዚ፣ ንሱ፣ መታን ከደናግር ሓቅታትን ሓሶታትን ይሓዋውስ ኢዩ። እዚ እቲ ንነፍሲታት ከታልል ዝጥቀመሉ ዝፈትዎ መንገዲ ኢዩ። ብጭቡጥ መን ምዃኑ ካልኦት ክርእይዎ ብምፍቃድ ነታ ሓቂ ፈጺሙ ኣይነግርን ኢዩ፣ ኩሩዕ ስለዝኾነ ግዳ፣ ንዓይ ዘለዎ ትዕቢትን ጽልኣትን ኩልግዜ ይልሑኽ ኢዩ። እቶም ኣዒንቶም ክፉታት ዝኾነ ነቲ ኣብ ገጾይን ኣብ ቅድሚ መሰውኢየይን ዝድርጓሕ ጸርፊታት ቀልጢፎም ክፈልጡዎ ኢዮም።

**ሰይጣን'ሲ፣ ዘክሩ፣ ኩሩዕ፣ ዕቡይ፣ ተጃሃሪን፣ ኣዝዩ ኣዝዩ ጎራሕን ኢዩ። ኣብ ነፍሲታት ክህሉ እንከሎ፣ ካብ ኩርዓትን ትዕቢትን ከምኡ'ውን  ካብ እግዚኣብሄር ይዓቢ ኢየ ካብ ዝብል እምነቱ ዝነቅል ነብሰ-ምትእምማን ኣለዎ። ኩልግዜ ንእግዚኣብሄር ዝጻረፉ ምልክታት ክህብ ኢዩ፣ እንተኾነ እቶም እንታይ ከምዝደልዩ ዝፈልጡ ጥራይ ኢዮም ክርእይዎም።** እቶም ንሰይጣን ኣኽብሮት ዝህቡን፣ ብዙሕ ካብ ግዜኦም ብጉጅለ ኮይኖም ንዕኡ ኣኽብሮት ንምሃብ ጽምብላት ዝውድቡን ነዞም ምልክታት ክርእዩ ክሕጎሱ ኢዮም። ኩሎም እቶም ነፍሲታቶም ንሰይጣን ዝሸጡ ብመንገዲ እዞም ምልክታት ኢዮም ዝረዳድኡ፣ ከም ዕቡይን እምቢታዊ ወስታ ኣንጻረይ ኣንጻር የሱስ ክርስቶስ።

እቶም ብስመይ ዘታልሉኹም፣ ንሰዓብተይ ሕግታት ቤተ ክርስቲያነይ ብመንገዲ ረፈረንደም ከለዝቡዎም ከእምኑዎም ኢዮም። **ኩሎም ነቶም ሓደስቲ ልምድታት ክቕበሉዎም ክሕተቱ ኢዮም፣ እዚኦም ድማ ማዕረ እዚ'ኦም ክልተ ነገራት ኢዮም። እቲ ቀዳማይ፣ ንህላወይ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ንምድምሳስ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፣ ንመሰል እቶም ብየሱስ ክርስቶስ ዘይኣምኑ ሰባት ምድንጋጽ ንኸርእዩ ንሰባት ብምትብባዕ ንሓጥያት ቅቡል ምግባር ኢዩ።**

እዚ ረፈረንደም (ድምጺ ህዝቢ) ብሓሶት ክቖውም ኢዩ፣ ሓሶታት ድማ ከም'ቲ ሓቂ ኮይኖም ክቐርቡ ኢዮም። እቲ ሓድሽ ዓለማዊ ሃይማኖት ምስተኣታተወ፣ ኣብ ምድሪ ዘላ ቤተ ክርስቲያነይ - እታ ሓቀኛ ቤተ ክርስቲያን - ንዓይ ኣኽብሮት ንኽትህብ ክትሕባእ ኢያ።

ኣነ ዕላማ ናይ'ቲ ኣራዊት ኢየ። ንዓይ ኢዩ ክሃሲ ዝደሊ። ንዓይ ከጥፍኣኒ ከም ዘይክእል ይፈልጥ ኢዩ፣ ኣብ ክንዳይ ግዳ ነቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ዝረግሞ ዘርኢ ወዲ ሰብ ኢዩ ከጥፍእ ዝፍትን። እቶም ኣገልገልቱ ኣብ ቅድሚ ኣብያተ መቕደስ ዓለማት ኮይኖም ንዓይ ብዝጻረፉዎ ደው ኣይከብሉን ኢዮም። ንምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ብምድሳስ ሕጉሳት ኣይከኾኑን ኢዮም፣ መታን ኣንጻረይ ጽያፍ ክዛረቡ ክኽእሉ። እቲ ኩሉ ዝዓበየ ርኽሰት ብምፍጣር ነፍሲታት ክሰርቁ እንከለዉ ጥራይ ኢዮም ሕጉሳት ክኾኑ። እዚ ድማ ነቲ ቀዳማይ ምጽኣተይ ዳግማይ ብምፍጣር፣ ከም'ዚ ዮሃንስ መጥምቕ

ከምዝተላእከ ከምስሉ ኢዮም። እቲ ነብዩ ናይ ጎይታ ኢየ ዝብል ክሕሱን፣ ኣነ የሱስ ክርስቶስ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ምዃነይ ብምንጋር ዓብዪ መስተንክር ከስዕብ ኢዩ።

**እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ብመንገዲ ሓይሊ ሰይጣን፣ ኣነ የሱስ ክርስቶስ ንሱ ምዃነይ ክነግር ኢዩ።** እቶም ሓንጎፋይ ኢሎም ዝቕበሉዎ ነፍሲ.ታት ወይልኦም፣ ኣንጻሩ ዝኾነ ሓይሊ ኣይክህልዎምን ኢዩ'ሞ። ነዞም ክልተ ናብ ባዶሽ ሓሶታቶም ክስሕቡኹም እንተፍቂድኩምሎም፣ ካባይ ኣዚኹም ካብ ምርሓቕኩም ዝተላዕለ እቲ እንኮ መንገዲ ናብ'ቲ ዓብዪ ምሕረተይ መምጺኢኹም፣ ብጣልቃ ምእታው ናይ ኣቦይ ኢዩ።

**ዝኾነ ኣብ መጻኢ ግዜ መጺኡ ኣነ የሱስ ክርስቶስ ኢየ እንተኢሉ ሓሳዊ ምዃኑ ፍለጡ። ንካልኣይ ግዜ ብስጋ ኣይክመጽእን ኢየ።** ሰይጣን ነዚኤን ቃላት ክብለን ኣይክእክልን ኢዩ፣

"የሱስ ክርስቶስ፣ ብስጋ ዝመጽኤ።"

"ኣነ የሱስ ክርስቶስ ኢየ፣ ንዓኹም ድሕነት ከምጽኣልኩም፣ ሕጂ ብስጋ መጺኤ ኣለኹ።"

እዚ ምስኮነ መለኮታዊ ጣልቃ ምእታወይ ቁልጡፍ ክኸዉን ኢዩ፣ እንተኾነ ክሳብ ሽዑ'ሲ እቲ ሓሳዊ ነብዩን እቲ ጸረ-ክርስቶስን ብዙሓት ነፍሲ.ታት ሰሪቖም ኣለዉ።

መታን እቶም ኩሎም ናተይ ምዃኖም ዝገልጹ ናተይ ኮይኖም ክጸንሑ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ።

ኣብ እዋን ዓብዪ ምስጓግ ኣካለይ - እቲ ምስጢራዊ ኣካለይ - ኣብ'ዚ እዋን ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ፣ መስቀለይ ክትጾሩ እቲ ብርትዔን ትብዓትን ክህልወኩም'ሲ ጸልዩ።

ናትኩም የሱስ

**ኣብ ዓለም ዘሎ ክፍኣት ድሕሪ መዓልታት ኖህ ዘይተራእየ ሚዛን ኣለዎ**

ሓሙስ፣ ነሓሰ 01, 2013 ሰዓት 15፣00

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንኹሉኹም ፍቱዋት ሰዓብተይ ሓቒፈ ናብ ናይ ሰላምን ድሕነትን ዑቕባ ክወስደኩም ክሳብ ክንደይ እናፍቕ። ንኹሉኹም ወሲደ ካብ'ቲ ኣንጻር ኩሉም ክርስቲያናት ዝውደ ዘሎ ክፍኣት ክሓብኣኩም ክሳብ ክንደይ ከምዝምነ።

ኣብ ዓለም ዘሎ ክፍኣት ድሕሪ መዓልታት ኖህ ዘይተራእየ ሚዛን ኣለዎ፣ ከምኡ'ውን ከም ንዓለም ዝሸፍና ብዓይኒ ዘይርኣይ መርበብ ኢዩ። ኣዝዩ ሓደገኛ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ኣዝዮም ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ንደረጃ ርቀቱ ክርድእዎ ዝኽእሉ። እንተኾነ ኣስተውዕሉ፣ እዚ በቶም ንምድራውያን ኣብያተ ክርስቲያነይ ንውክል ኢና ብዝብሉ ዝሕንጸጽ ውጥን - ዝርዝራቱ ንዓለም ክዋሃባ ኢዩ - ኣብ ቅድሜኹም ክቐርብን ንኽትቅበልዎ ክጽበዩኹም ኢዮም። ድሕሬኡ ድማ ክትቀስሙዎ ክትሕተቱ ኢኹም፣ ምርጫ ዝብሃል ድማ ኣይክዋሃበኩምን ኢዩ። እቲ ድሕር'ዚ ኩሉ ሕንፍሽፍሽ ክትገብሮ እትሕተትዎ ነገር ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ክትክሕዱ ኢዩ።

ንዓለም ኤጠንቅቕ ኣለኹ፣ ንመለኮትነተይ ክትውግዱ እንከለኹም - ንስኹምን ኩሎም እቶም ኣብ'ዚ ጠዋይ ውዲት ዝሳተፉ ኩሎምን - ከም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ሕላገት ክግበረልኩም ኢዩ። ምስ'ቶም ርኹሳት ሕግታት ክትውግኑ እንከለኹም ኣንጻር እግዚኣብሄር  ብምሕጣእኩም በደለኛታት ኢኹም።

ንዓኹም ምጥንቓቕ ክቕጽሎ ኢየ፣ ኣዒንትኹም ነቲ ሓቂ ክትከፍቱ፣ እንተኾነ ግዳ ንዓይ ሓቀኛታት ኬንኩም ክትጸንሑ ከጌድደኩም ኣይክእልን ኢየ። እቲ ነጻ ድሌትኩም ናትኩም ኢዩ፣ ናባይ ተመሊስኩም ክመርሓኩም እንተሓቲኩምኒ ግዳ፣ ኣዒንትኹም ነቲ ሓቂ ክኸፍተን ኢየ። ነቲ ሓቂ ምስተቐበልኩሞ ከድሕነኩም ኢየ።

ኣቱም መሳኪን ተኸተልተይ፣ ዓለም ኩላ ኣንጻር እግዚኣብሄር ክትላዓል እንከላ፣ እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ሓይሊ ኣቦይ ጣልቃ ኣትዩ ንኹሎም ጸላእቱ ሓደ ብሓደ ከም ዝድምስሶም ፍለጡ።

ናትኩም የሱስ

**እግዚኣብሄር ኣቦ፦ እቶም ኣስማቶም ኣብ መጽሓፍ ህያዋን ዘሎ እቶም ቀዳሞት ዕላማ ናይ'ቲ ኣራዊት ኢዮም**

ቀዳም፣ ነሓሰ 03, 2013 ሰዓት 13፣17

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ካብ'ቲ ኣዝዩ ዝላዓለን ኣዝዩ ዝተቐደሰን ግዝኣት ናብ ደቅ ሰብ እጽውዕ ኣለኹ።
ኣቱም መሳኪን ንኣሽቱ ደቀይ፣ ከመይ ንሓጢኣት ሰይጣን ትሳቐዩ ከም ዘለኹም፣ እንተኾነ ግዳ ክትፈልጡዎ ዘለኩም፣ በቲ ኩሉ ዝካኣሎ ሓይለይ፣ ንዕኡን ንኩላቶም እቶም ዝወደቑ መላእኽቲን ካብ ገጽ ምድሪ ክጸራርጎም ኢየ። እቲ ግዜ ቀሪቡ ኣሎ'ሞ ክትቅረቡ ኣለኩም።

እቶም ዝወደቑ መላእኽቲን ኣጋንንቲን ንመብዛሕትኹም ዘይፍለጡን ዘይርኣዩን ምኧናም ፍለጡ፣ እንተኾነ ኣብ ሞንጎኹም ይሳግሙን፣ መታን ከውድቑኹም መዓልታዊ ይፍትንኹምን ኣለዉ። ናብ'ዚ መርበብ ምትላል ክትውሰዱ ከለኹም፣ ብኡ ንብኡ ከተዕርፉ ከምዘይትኽእሉ ወይ ሓቀኛ ሰላም ኣብ ነፍሲኹም ክትረኽቡዋ ከምዘይትኽእሉን ክርዳኣኩም ኢዩ። እቲ ሓሳዊ ነቢይ ዘጋግዮም ነቲ ዓብዪ ምትላል ተቐቢሎም ፍቓደኛታት ግዳያት ክኾኑ እንከለዉ ንነብሶም ጠፊኣን ተደናጊራን ክረኽቡዋ ኢዮም። ኣንጻረይን ኣንጻር ፍቕር ወደይ የሱስ ክርስቶስን ክትላዓሉ እከለኹም ከምኡ ኮይኑ ኣይክርኣየኩምን ኢዩ። እቶም ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ከም ቀደሞም ኣለዉ ኢልኩም ክትኣምኑ ኢኹም፣ ዋላ'ኳ ንዓኹም ተፈልዮም እንተተቐረቡልኩም። ከም ጥርሑ ኣቕሑ ክኾኑን ብኣይ ዘይቅቡላትን ክኾኑ ኢዮም።

እታ ዓለም ናተይ ኢያ፣ እንተኾነ ደቀይ ንዓይ ንፍቐር ኣቦኦምን ፈጣሪኦምን ኣይደልዩኒን ኢዮም። ኣእምሮኦም ተዓጽዩ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን እቲ እከይ ነቲ ዝሃብኩዎ ብልሒ ተጠቒሙ ኣነ ክህሉ ከምዘይክእል ከእምኖም ፈቲኑዎም። እቶም ብኣይ ዘይኣምኑ ናይ ብሓቂ ፍቕሪ፣ ሓጎስ ወይ ሰላም ኣብ ሂወቶም ኣይክህልዎምን ኢዩ። ዘልኣለማዊ ሂወትን ኣይክቕበሉን ኢዮም። ኣብ ክንድኡ፣ ንስጋዊ ሓጎስ ጥራይ ክናድዩ ኢዮም፣ ዋላ'ኳ ኣብ ምድሪ ዘሎ ሂወታቶም ሓጺር ምኧኑ እንተፈለጡ።

ኣነ ከም ንነፍሲ ወከፎም ዘፍቅሮም ኣቦ፣ ብመንገዲ እቲ ዓብዩ ምሕረት ወደይ ናባይ ክስሕቦም ኢየ። ሓይለይ ኩሉ ዘጠቓልል ኢዩ፣ ሰይጣን - ኾኸብ ጽባሕ ናተይ፣ እቲ ብሰንኪ ኩርዓቱ ንነብሱ ካብ ምሕኩልተይ ዝፈለያ፣ ፈጺሙ ኣይክስዕረንን ኢዩ። እቶም ንዕኡ ዝስዕቡ እምበኣር ተመሳሳሊ ውሻል ኣብ ሞንጎኦምን ኣብ ሞንጎይን ኣእትዮም ኣለዉ። በቲ'ኦም ሕጂ ዝገልጾም ምልክታት ሓደ ኣምላኽ፣ ሓደ ፈጣሪ፣ ሓንቲ ገነት ጥራይ ምህላዎም ክፈልጡ ኢዮም። በቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ካባይ ዘርሕቖዎም ናይ ሓሶት ነብያት ዝተነግርዎም ካልኦት ገነታት የለዉን፣ ክህልዉ'ውን ኣይክእሉን ኢዮም። እቲ ኣሎ ዝበሃል ኣነ ኢየ። ኣነ ኢየ ንኹሉ ፈጢረ። ኣነ ድማ ንኹሉ ክውድኦ ኢየ። ኩሉ ከም'ቲ ቅዱስ ፍቓደይ ክኸዉን ኣለዎ። ምስ ፍቓደይ ተባኣሱ'ሞ፣ ኢምንት እኳ ኣይክትኮኑን ኢኹም። ንፍቓደይ ተቐበሉ'ሞ፣ ደቀይ ኴንኩም ክትነብሩ ኢኹም።

እቶም ብኣይ ትኣምኑ ዘበልኩም፣ ንወደይ የሱስ ክርስቶስ ክትነጽጉ የብልኩምን። ናብ ምሕረተይ ክመልሰኩም ናብ ዓለም ብመንገዲ ወደይ መጺኤ፣ እንተኾነ ነጺግኩሞ። ቀቲልኩሞ፣ እንተኾነ ንዓኹም ዘለኒ ፍቕሪ ኣይቀተልኩሞን። ስለኡ ኢዩ ድማ ብስቕለቱ ድሕነት ክመጻኩም ዝፈቐድኩ። እዚ፣ እቲ ሞት ወደይ ኣብ መስቀል፣ መንገዲ ድሕነትኩም ኮነ። ሞቱ ከም’ቲ ዝመስሎ ኣይኮነን - ብዓይኒ እቲ እከይ’ሲ ከም ፍሽለት ስለዝርኣይ። ብመንገዲ እዚ ዓብዩ ስቓይ፣ በቲ ዝዓበየ ትሕትና ዝተጻመሞ፣ ኢዩ ንሰይጣን ስዒሩዎ። ብሳላ ሞት ወደይ ኣብ መስቀል ኢዩ ሓይሊ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ፈሺሉ። ንኹሎም ደቀይ ምስኡ ናብ’ቲ ማዕሙቕ ክወስዶም እኳ ዘይክእል እንተኾነ፣ ዛጊት ብዙሓት ብሓሶቱ ክሰድዑ ኢዮም። ስለ’ዚ ኢዩ ድማ ደቀይ ክትቃለሱ ዘለኩም፣ ንገዛእ ነፍሲታትኩም ጥራይ ኣይኮነን። ተፍቅሩኒ እንተ'ዄንኩም፣ ንወደይ’ውን ክተፍቅርዎ ኢኹም። ንወደይ ተፍቅርዎ እንተ'ዄንኩም ድማ፣ ንኹሎም ሓጥኣን ኬድሕን ክትሕግዝዎ ኣለኩም።

ናባኹም ዝጽውዓሉ ምኽንያት፣ ንነፍሲታት ክጽውዕ እንከለኹ፣ ብፍላይ ነቶም ዘይፍለጡኒ፣ እንኮላይ ነቶም ዝፈልጡኒ ኮይኑ ግን ንትእዛዛተይ ምቕባል ዝነጽጉ፣ እቲ ነፍሶም ካብ ዘልኣለማዊ ስቅያት ከድሕኑ ዘለዎም ግዜ ክሳብ ክንድዚ ጥራይ ምዃኑ ንኽንገረኩም ኢዩ።

እቶም ኣስማቶም ኣብ መጽሓፍ ህያዋን ዘሎ እቶም ቀዳሞት ዕላማ ናይ’ቲ ኣራዊት ኢዮም። መብዛሕትኦም እዞም ነፍሲታት ሰዓብቲ ወደይ ኮይኖም ንቤተ ክርስቲያን እሙናት ኢዮም። ካብ ወደይ ንዘይኮኑ ከም ሓድሽ ሃይማኖት ብሓይሊ ክውሕጡዎም ንዝግደዱ ሓደሽቲ ሕግታት ብምቕባል ኣንጻር ወደይ ክግምጠሉ ኢዮም። እዚ ሓድሽ ሃይማኖት ንብዙሕ ዓመታት ብጥንቃቕ ዝተወጠነ ኢዩ። ሰይጣናዊ ስርዓት ዝኽተል ኮይኑ፣ ብዙሓት ግን ነዚ ኣይክርድኡዎም ኢዮም። ነዞም ስርዓታት ክትስዕቡ ከለኹም፣ ስልጣን ንሰይጣን ክትህቡ ኢኹም። ነዚ ሓይሊ ክትህቡዎ ከለኹም፣ ብዙሕ ጸሎት ከድልየኩም ኢዩ፣ ምኽንያቱ ብስጋ ኮነ ብመንፈስ ክውሕጠኩም ስለዝኾነ።

ደቀየ፣ ሕጂ ብመንገዲ ኣብ ምድሪ ዝወርድ መቕጻዕቲ ጣልቃ ክኣቱ ኢየ። እቶ በዞም መቕጻዕቲታት እዚኦም ዝጠፍኡ መሳኪን ነፍሲታት፣ ነቶም ጠፊእኩምኒ ዘለኹም ነፍሲታት ክብጅዉ ክሕግዙ ኢዮም። ብኽፍኣት ሰይጣንን ጽልዋኡኣብ ሂወትኩምን ፍርሒ ክስማዓኩም እንከሎ፣ ኣብ ምድሪ ዘለዉ ወከልቱ ከም ዝድምስሶም ዘክሩ። ስቓይኩም ከሕጽሮ ኢየ፣ ምኽንያቱ ነፍሲታት ከድሕኖም ስለዝምነ። ነዚ እከይ ክቕጽል እንተፈቒደ፣ ነቶም ኣስማቶም ኣብ መጽሓፍ ህያዋን ዝርከብ ከድሕኖም ኣይክኽእልን ኢየ።

ፍቑር ኣቦኹም
ልዑል እግዚኣብሄር

**እቶም ንምምጻእ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ዝገልጹ ትንቢታተይ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ክፍጸሙ ኢዮም**

ሰንበት፣ ነሓሰ 04, 2013

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ እቶም ንምምጻእ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ዝገልጹ ትንቢታተይ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ክፍጸሙ ኢዮም።

**ኩሉኹም ገዛውትኹም እተዳልዉሉን ልሙዳት ናይ ጸሎታት ሰዓታትኩም እትሰርዑሉን ኣብ ባዕልኹም ዝምርኮስ ኢዩ፣ ከምኡ'ዉን መታን ነቲ ንዓለም ቁልቁል ኣፉ ዝደፍኣ ክፍኣት ክርእይዎ ኣዒንቲ ደቂ ኣምላኽ ክኸፍት ክሕግዝኒስ ኩሉ ዝስዕበኒ ዘበለ መስዋእቲታት ክኸፍል ፍቓደኛ ክኸዉን ኣለዎ።** ከም ዝኾነ ሓቀኛ ነቢይ ዝናዓቐን ከም መትከኽ ዝወስዱዎን፣ ንስኻትኩም ክቡራት ሰዓብተይ'ዉን ነቲ ሓቂ ክትገልጹ እንከለኹም ከም መሕረቓት ክትርኣዩ ኢኹም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ እትጥወዩዋ ኩርናዕ ባጫ፣ ኣሽካዕላልን ምስትናዓቕን ተጸበዩዎ። ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባት ክድንድኑኹም፣ ክነቕፉኹምን ጌጋ ክረኽቡልኩምን ኢዮም፣ ዋላ ብዛዕባ ቃለይ ምስኦም ኣብ ዘይትዛረቡሉ ግዜ።

**ነፍሲ ወከፍ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ምድሪ ሰሊኹ ዝርከብ ዝወደቐ መልኣኽን ጋኔንን፣ መታን ካብ'ዚ ስራሕ ተስፋ ክቖርጸኩም ብመንገዲ ድኹማት ነፍሲታት ብቐጥታ ናባኹም ክሳሓብ ኢዩ።** ነዚ ጓሂ ብስመይ ተቐበሉዎ፣ ምስእትቕበሉዎ፣ ንእግዚኣብሄር ዓብዪ ክብሪ ክትህቡዎ ኢኹም እዚ ድማ ሓደ ክትህቡኒ ካብ እትኽእሉ ዓበይቲ ህያባት ኢዩ። ድሕሬኡ ነዚ ናትኩም ፈተናታት፣ ነቶም ናቱ ክኾኑ ዝተዓደሉዎ ነፍሲታት ብምምንጣል ንሰይጣን ክስዕረሉ ክጥቀመሉ ኢየ።

ብዛዕባ መለኮታውያን ሕግታት ሰማያትን ግደ መስቀል ኣብ ሂወትኩምን ዝርድኡ ኣዝዮም ውሑዳት ኢዮም። ሓደ መዓልቲ፣ ኩሎም ደቂ ኣምላኽ ስለምንታይ እዞም ጨካን ተግባራት ክጽወሩ ከም ዝግባእ ክርድኡዎ ኢዮም። ነቲ ሓቂ ናይ ምብጻሕ ዕማምኩም ቀጽልዎ፣ ነቲ እትርእይዎ ጽልኢ ዕሽሽ በልዎ፣ ከምኡ'ውን ካብ'ቶም ንዓይ ዝኽሕዱኒ ዝኾነ መምርሒ ኣይትቀበሉ - ፍጹም።

**ናብ'ታ ሓዳስ ገነት እትገብርዎ ገስጋስ ኣጸጋሚ ክኸዉን ኢዩ። እንተኾነ ብኣዝዩ ንእሽቶ ሰራዊት፣ ንሕሰም እቲ በቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ዓለም ዝወርድ መቕጻዕቲ ክትስዕሩዎ ትኽእሉ ኢኹም።** እቲ ዕማም ናትኩም፣ ካልኦት ከም መተካእታ ሕግታት እግዚኣብሄር ንሕግታት ሰይጣን ናይ ምቕባል ሓደገኝነት ከተጠንቕቑ ኢዩ።

ንኹሎም እቶም ኣስማቶም ኣብ መጽሓፍ ህያዋን ዘሎ ኮይኑ ግን ተኣማንነቶም ነቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ዝህቡን ብልኡም ምቕባሎም ንማራኺ ደጋዊ ትርኢት እቲ ጸረ-ክርስቶስ ዝወድቁን፣ ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣቦይ ጥራይ ኢየ ምሳይ ክወስዶም ዝኽእል።

ናትኩም የሱስ

**ንምስጢረ ጥምቀት ክቕይርዎ እንከለዉ፣ ኩሉ እቲ ንሰይጣን ዝኽሕድ መብጽዓ ከልግስዎ ኢዮም፣ እዞም ቃላት እዚኦም ኣሪጎም ኢዮም ብዝብል ምኽንያት**

ሶኒ፣ ነሓሰ 05, 2013 ሰዓት 04፣05

ኣዚኺ ዝተፈቸርኪ ጓለይ፣ ኣብ እዋን እቶም ፍቑራትን ቅዱሳትን ኣገልገልተይ - እቶም ንዓይ እሙናት ኮይኖም ዝጸንሑ - ዝጻወሩዎ ምስጓግ፣ ሓደ ሰብ'ኳ ቤተ ክርስቲያነይ ክትመዉት ኢያ ኢሉ ክኣምን ከይትፈቕዲ። እዚ ዘይካኣል ኢዩ እሞ። ቤተ ክርስቲያነይ - እታ ምስጢራዊት ኣካለይ - ዘልኣለማዊ ሂወት ኣለዋ።

ጸላእተይ ነቶም ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ክቕይርዎምን ሓደስቲ ቅርሲታት፣ ሓደስቲ መሳቕልን ሓደስቲ ልምድታት ከተኣታትዉ እንከለዉን - ሽዑ ድማ ቤተ ክርስቲያነይ ከም ቀደማ ኢያ ዘላ ክብሉ እንከለዉ - ይሕስዉ ኣለዉ። ቤተ ክርስቲያነይ ፈጺማ ክትቅየር ኣይትኽእልን ኢያ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ንቅድስና መውስቦ መታን ከራኽሱ ብዙሓት ምጉታት ከምጽኡ ኢዮም። ንሳቶም፣ እቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር፣ ክርስቲያናት ንመውስቦ ጾምዲ ተመሳሳሊ ጾታ ክቕበሉዎ ይደልዩ፣ እንተኾነ ነዚ ክቕበሉዎ የብሎምን፣ ንኣቦይ ስለዘቖይሞ። ብዓይኑ ቅቡል ኣይኮነን። ንምስጢረ ጥምቀት ክቕይርዎ እንከለዉ፣ ኩሉ እቲ ንሰይጣን ዝኽሕድ መብጽዓ ከልግስዎ ኢዮም፣ እዞም ቃላት እዚኦም ኣሪጎምን ኣዝዮም ዘፍርሑ ኢዮም ብዝብል ምኽንያት። እዚ ዘይዛመድ (ብሃንሳብ ዘይከይድ) ኢዩ ክብሉ ኢዮም።

ድሕሬኡ በብቑሩብ ሓደስቲ ትርጉማት ናይ ኣስተምህሮታተይ ከተኣታትዉ ኢዮም። ንስኻትኩም፣ ኩሉኹም እቶም ብቤተ ክርስቲያነይ እትኣምኑ፣ ፈጺምኩም ክትጠልሙኒ የብልኩምን። መተካእታ ናይቶም ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያነይ ፈጺምኩም ኣይትቀበሉ፣ ኣነ ዝሃብኩኹም ስለዝኾኑ። ኣነ እቲ ሓቂ ኢየ። ቤተ ክርስቲያነይ ድማ ነቲ ሓቂ ትውክል። እንተኾነ ንስኹም ኣካል ናይ ቤተ ክርስቲያነይ ኢያ ክትብሉ እንተ፟ኄንኩም፣ ንኹሉ ኣስተምህሮታተይን ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያነይን እንተዓቂብኩሞን፣ ኣብ መስቀል ሞተይ እቲ ዝዓበየ መስዋእተይ ድሕነትኩም ንምውሓስ ምዃኑ እንተተቐቢልኩም ኢዩ።

ዝኾነ፣ ነቶም ኣረሜን ከየቐዱም ኢሉ፣ ካብ'ቲ ሓቂ ዘልገሰ ነገር ኣዝዩ ሓደገኛ ኢዩ። ኣስተምህሮ እግዚኣብሄር ክሒድኩም ሓዳስ ኣማራጺት ቤተ ክርስቲያን እንተስዒብኩም፣ ኣካል ናይ'ታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ምዃንኩም ኣብቂዑ ኣሎ። ነቶም በቲ ሓሳዊ ነቢይ ዝተኣታተዉ ሓደስቲ ኣረሜናዊ ልምድታት እንተተቓዊምኩም፣ መናፍቕ ክብሉኹም ኢዮም። ሽዑ፣ ብስመይ፣ ከውግዙኹም ኢዮም። ንዓይ እሙናት ኲንኩም ኣብ'ዚ ከፉእ ምትላል ምክፋል እንተኣቢኹም፣ ኣካል ናይ ቤተ ክርስቲያነይ ኴንኩም ክትነብሩ ኢኹም።

እቲ ምርጫ ዘሳቒ ኢዩ፣ እዞም ኩሎም ነገራት ክመጽኡ እንከለዉ፣ እንተኾነ ግዳ ኣዝዩ ቀሊል ኢዩ። ወይ ምሳይ ኢኹም፣ ወይ ኣንጻረይ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፦ እዚ ቃል እግዚኣብሄር ንምሕላው ዝግበር ኲናት ማለት'ሲ እቶም ንእግዚኣብሄር ሓቀኛ ኮይኖም ዝጸንሑ ኣቖሽሽቲ ዑቕባ ክደልዩ ኣለዎም ማለ ኢዩ**

ሶኒ፣ ነሓሰ 05, 2013 ሰዓት 13፣05

ክቡራት ደቀይ፣ እዚ እዋን ኣብ እምነትኩም ዝዓበየ ፈተናታት እትርእዩሉ ክሽዉን ኢዩ። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን፣ እቲ ዓብዪ ምግምማዕ ዝጅምረላ ቤተ ክርስቲያን ክትከዉን ኢያ። ኣብ ውሽጣ ኣብ ኣዝዩ ቀረባ እዋን ብዝቕጽል እዋነ ዓብዪ ክሕደተ-እምነት፣ ኣቖሽሽቲ ወደይ ዝበዝሔ ዝሳቐዩላ ኣብ'ዛ ቤተ ክርስቲያን ኢዩ።

ነቶም ምውሳን ስኢኖም ኣብ ክልተ ዝምቀሉ እሙናት ኣቖሽሽቲ ወደይ፣ ምስ መሓሪ ዝኾነ ክርስቶስ ሓቢርካ ናይ ምጽናሕ ኣድላዪነት ክትርድኡ ኣለኩም። ካብ ምንጎኹም ካብ ዘለዉ ኣብ ዓብዪ ጌጋ ዝወደቑ ኣቖሽሽቲ ንዝመጻኩም ሓሶታት ተቐቢልኩም፣ ንቤተ ክርስቲያኑ ክትጥንጥኑ ስድዓት ፈጺሙ ክስማዓኩም የብሉን። ብዝኾነ ዋጋ ንወደይ ክብሪ ክትህቡን፣ ንህዝቡ ድማ ኣብ መንገዲ ጽድቂ ክትመርሑዎም ኣለኩም፣ እዚ ክሳብ ክንደይ ንዓኹም ኣጸጋሚ'ውን ይኹን።

እቶም ነቲ ናይ ቀደም ስርዓተ-ቅዳሴ ምፍጻም እትቕጽሉ ኩሉኹም ክሳብ ክትሓድጉዎ እትሰማምዑ ክሳቐዩኹም ኢዮም። ብዙሓት ካብቶም ኣብ ሃይማኖታዊ መሳርዕኩም ዘለዉ ብድሕሬኹም ተገምጢሎም ንጸላኢ ኣሕሊፎም ክህቡኹም ኢዮም። ንስኻትኩም፣ ልክዕ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ንወደይ ዝገጠሞ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም መዛኑኹም ዝበሃሉ ተወሲድኩም ብኑፋቐ ክትክሰሱ ኢኹም፣ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ዝኾነ ቁርባን ክብሪ ምርኣይ ክቕጽል ስለተትክሉ።

እቶም ሓደስቲ ቃላት፣ ማዕረ ኣዝዩ ጽያፍ ዝኾነ ኣካል ወደይ ዘራኽሱ ቃላት፣ ኣብ ርእሲ'ቶም ኪቃወሙ ዝደፍሩ ቅዱሳን ኣገልገልቲ ወደይ ክስግደዱ ኢዮም።

ኣብ ውሽጢ እታ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኢዩ ክሳብ ክልተ ወገናት ዝፍጠሩ ሓው ኣንጻር  ሓው፣ ሓብቲ ኣንጻር ሓብቲ፣ ኣቦ ኣንጻር ወዱ፣ ደቂ ኣንጻር ወለዶም፣ ዝባኣሱ።

እዚ ቃል እግዚኣብሄር ንምሕላው ዝግበር ኲናት ማለት'ሲ እቶም ንእግዚኣብሄር ሓቀኛ ኮይኖም ዝጸንሑ ኣቖሽሽቲ ዑቕባ ክደልዩ ኣለዎም ማለት ኢዩ። ነዚ ክትገብሩ ድማ ስርዓተ-ቅዳሴን እቶም ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ንደቂ ኣምላኽ መታን ክትቕርቡ፣ ክትዳለዉን ከም'ዚኦም ዓይነት ቦታታት ክትረኽቡ ክትጅምሩ ኣለኩም።

ኣነ፣ ኪዳነ ምሕረት፣ ነዚኦም ናይ ዑቕባ ቦታታት ክሕልዎም ኢየ፣ ከምኡ ድማ በቲ ብኣቦይ ዝተዋህበ ማሕተም እቲ ህያው እግዚኣብሄር፣ ኣብ ውሽጣዊ መናድቕ ናይ’ቶም ቦታታት ብምጥቃዕ ንጸላእቲ እግዚኣብሄር ስዉራት ኮይኖም ክጸንሑ ኢዮም።

ነዚኦም ነገራት ኣይትፍርሑዎም፣ ምኽንያቱ ብግቡእ እንተተዳሊኹም፣ ንደቂ ኣምላኽ ናብ ድሕነት ክትመርሑዎም ኢኹም። ነዚ መጠንቐቕታ እንተዘይሰሚዕኩም፣ ብጸላእቲ ደቀይ ከም ምሩኻት ኣእምሮ፣ ኣካልን ነፍሲን ክትውሰዱ ኢኹም፣ ድሕነት ድማ ናትኩም ኣይክትከዉንን ኢያ።

እቶም ንትእዛዝ እቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ዝፍጽሙ ብዙሕ ጸሎት ከድልዮም ኢዩ፣ ገለ ካብኣቶም ነቲ ሓቂ ዕዉራት ኢዮም እሞ። እቶም ካልኦት፣ ነቲ ሓቂ ዝፈልጡዎ እንተኾነ ምስ’ቶም ንሞት ወደይ ኣብ መስቀል ዝኽሕዱ፣ ንሶም ክፍርሑ ኣለዎም። ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ሰዓብቲ ክርስቶስ ኣዝዩ ሕሱም ሃስያ ከውርዱ ኢዮም።

ነቲ ሓቂ እሙናት ኬንኩም ብምጽናሕ፣ እቲ ኣብ ምድሪ ተሪፉ ዘሎ ሰራዊተይ፣ ኣንጻር እቲ እከይን ፣ ምስ’ቶም እሙናት ኣገልገልተይ ኣብ ምድሪ ኣብ ዘለዎ ውግእ ንሱ ዝመርሖምን፣ ዘይድፈር ሓይሊ መታን ክኸውን ንስኻትኩም ክትመርሑዎ ኢኹም።

እቲ ግዜ ክመጽእ እንከሎ፣ ንመሪሕነት እቶም ቃል እግዚኣብሄር ዘራኽሱን፣ ብመንገዲ ሓሶታቶምን ሓደስቲ ኣጸየፍቲ ኣስተምህሮታቶምን ንብዙሓት ዘጋግዩን ክይትቕበሉ። እቶም ንዝኾነ ዝቐነነ ዝምቡዕ ስርዓተ ቅዳሴ ወይ’ውን ቅዱሳት ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ዝቕበሉ፣ ብወደይ ተሓተትቲ ኢዮም። ምኽንያቱ ከይተረዳኣኩም ኣገልገልቲ ናይ’ቲ ከፉእ ክትኮኑ ኢኹም፣ ከምኡ’ውን ኣዝየን ብዙሓት ነፍሲታት ክጠፍኣ ኢየን፣ ብሰንኪ ናብ ንሰይጣን ክብሪ ዝህቡ ወግዒታት ክሰሓባ ምዃነን።

ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ መታን እቲ ሓቂ ክርኣይን፣ ነቲ ናይ ወደይ ስቓይ ዝመልእ ስቕለቱ ዝዝልፉ ሓሶታት ድማ ከም’ቲ ሓሶትነቶም መታን ኪቃልዑ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት